ኮሌጅ ኪነ-ጥበባት ትግራይ ንምምሃር ምስትምሃር ዘገልግሉ ኣቑሑት ብጨረታአወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ተወዳደርቲ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥሪ 27, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 18, 2017 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ የካቲት 18, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ም ል ክ ታ ጨ ረ ታ

ቁፅሪ ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን/335

ዕለት 27 /5/2017ዓ/ም

ኮሌጅ ኪነ-ጥበባት ትግራይ ንምምሃር ምስትምሃር ዘገልግሉ ኣቑሑት ብጨረታአወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ናይ ፅሕፈትን ስእልን መሳርሒ

2. ናይ ፅሬት ኣቑሑት

አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ተወዳደርቲ ሕጋውያን ነጋዶ ክትዋዳደሩ ይዕድም።

አብቲ ጨረታ ክሳተፍ ዝድሊ አቕራቢ ከማልኦ ዝግባእ ሮቛሕታት

1) ምስቲ ዘቅርቦ አቑሑ ተዛማድነት ዘለዎን ሕጋዊ ናይ 2017ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ከቐርብ ዝኽእል።

2) ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለዪ ቁፅሪ (TIN) ፣ ናይ መንግስታዊ ዕደጋ መቅረባይነት ከቐርብ ዝኽእል ።

3) ተወሳኺ እሴት ታክሲ(VAT)ተመዝጋቢ ምኳኖም ዝገልፅ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል ።

4) ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ብር) ብናይ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ባንኪ ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ባንክታት ሲ.ፒ.ኦ ምቅራብ ዝኽእል ወይ ብጥረ ገንዘብ የትሕዝ።

5) አሸናፊ ምኳኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ዘሸነፈሉ ንብረት ዋጋ 10% ውዕሊ መኽበሪ አትሒዙ አብ ውሽጢ 3 መዓልትታት ውዕሊ አሲሩ እቲ ዘሸነፎ ንብረት አብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዝያ ናብ ኮሌጅ ኪነ-ጥበባት ትግራይ እቲ ንብረት አታዊ ክገብር ዝኽእል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6) ንጨረታ ሰነድ መግዝኢ ብር 50.00 ዘይምለስ ብምክፋል ካብ ኮሌጅ ኪነ-ጥበባት ትግራይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ካብ ዕለት 27/5/2016ዓ/ም ክሳብ ዕለት 18

/6/2016ዓ/ም ጨረታ ሰነድ ብምውሳድ ናብቲ ንጨረታ ሳንዱቕ ዝተዳለወ አታዊ ክገብር ኣለዎ።

7) ጨረታ ሳንዱቕ ዝዕሸገሉ ዕለት 18/6/2016ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ኮይኑ ጨረታ ሳንዱቕ ዝኽፈተሉ ዕለት

ድማ 18/6/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ይኸውን።

8) አብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ አብ ዝፍፀም ግዝኢት ንምስታፍ ኣብ ናይ ኣቐሑትን ግልጋሎትን መቕረብቲ ምኻኖም ዘረጋግፅዝተሓደሰ መለለዪ ካርዲ ኮፒ ገይሮም ከተሓሕሳ ኣለዎም።

9) ጨረታ እንትኽፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ክርከቡ ንዕድም።

10) ውዕሊ ኣሲሮም ብውዕሊ መሰረት ርኽክብ እንተዘይተፈፂሙ ርኽክብ ዘይተገበረለን መዓልትታት 1/1000 ብምብዛሕ ብቅፅዓት መልክዕ ናብቲ ኮሌጅ(ናብ መንግስቲ ካዝና) አታዊ ይገብር።ኾይኑ ግን እቲ ቕፅዓት ካብ ውዕሊ ዋጋ (10%) አይበልዕን። እቲኮሌጅናይ ውዕሊ ዋጋ 10% እስካብ ዝበፅሕ ክፅበ አይግደድን መጠንቐቕታ ብምሃብ እቲ ውዕሊ ምቁራፅ ይከአል እዩ።

11) እቲ ኮሌጅ ካብቲ አብ ጨረታ ሰነድ ዝሓተቶም ግልጋሎት ከም ኩነታቱ 20% ኸውስኽን ኸቕነስን

ይኽእል።

12) እቲ ኮሌጅ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ

ዝተሓለወ እዩ።

13) ተጫረቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ዘቕርብዎ ዋጋ ናይ መወዳደሪ ሓሳብን ለውጥን ወይ ድማ ምምሕያሽ ዘይከአል ምኳኑ ባዕሎም ካብቲ ጨረታ ምግላል ዘይከአል ምኳኑ ፈሊጦም ክወዳደሩ ይግባእ።

አድራሻና

ኮሌጅ ኪነ-ጥበባት ትግራይ

• ዝርከበሉ ቦታ አብ ማእኸል ጥዕና ጣብያን ፎቶ ደስታን

• ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03 42 40 94 67 ወይ ሞባይል ቁፅሪ 09 14 413007 ወይ ድማ 0914748720 ምድዋል ይከአል እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle